

# ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ፣
# ንዘልኣለም ከነወግዶ ዘሎና ባህሊ እዩ፥

REPVBBLICA ITALIANA

ቤት ምኽሪ ምኒስቴራት
ምኒስቴር ማዕሬ ዕድላት

ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ፣
ንዘልኣለም ከነወግዶ ዘሎና ባህሊ እዩ፥

ክቡራት ወለዲ

ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ፣ መርትያ ዘይብሉን ብዝኾነ ይኹን ሃይማኖት ዘይድገፍን ያታዊ ባህሊ እዩ። ኣብ መብዛሕትኤን ሃገራት ዓለም ድማ ዝተኸነን እዩ።
እዚ ልምዲ እዚ ኣብ ልዕሊ እታ ዝተፈጸመላ ሰብ ንመላእ ሂወታ መሊሱ ዝይጽገን በሰላ ይሓድገላ።
ጓልኣንስተይቲ ምክንሻብ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ከም ዘስዕበላ ምስትውዓል ኣድላዪ እዩ። ወለዲ ድማ ከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ኤሮጳ ኣብ ሃገርናውን ከቢድ መቕጻዕቲ ከምዝወርዶም ምፍላጥ የድሊ።
ወለዲ ንውላድኩም ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ብሕጊ ዘቅጽዕ ተግባር ከተውድቅወን ዝኾነ ይኹን ግዴታ፣ ኣድላይነት ወይድማ ቁምነገር ከምዘይብሉ ክትፈልጡ የድሊ።
ንምንታይ ብዙሓት ኣህዛብ ነዚ ሊምዲ እዚ ከምዘዘውትርዎ ብሩህ ኣይኮነን።

ነዚ ያታዊ ልምዲ እዚ ንምንታይ ይገብርዎ ከምዘለዉ ንነፍሶም ሕቶ ከይሓተቱ ብዕሙቱ ጥራይ ከምዘዘውትርዎ ይግመት።
እዚ ልምዲ እዚ ኣብ ዘመነ ፈርኦናት ግብጺ ከም ዝተጀመረ ይግመት።
ካብ ሽዑ ጀሚሩ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝተፈላለየ መልክዓት ሒዙ ተዘርጊሑ።
ኣብሃገርና ክነብሩ ዝመረጹ ወጻእተኛታት ንኽወሃሃዱ እቲ ዝሓሸ መንገዲ ምምይያጥን ሓባራዊ ርድኢት ክህሉ ከሎ ምኻኑ ንኣምን።

ስለዚ እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ብምጥቃም ሃገር ጣልያን ትኹን ካልኦት ማሕበረሰብ ዓለም፣ ስነኣእምሮኣውን ኣካላውን ውህደት ኣጣሚርካ ክጠሓሱ ዘይግብኦም መሰላት ከምዘለዉ ምግላጽ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስማዓና።
ካብ ሓደ ጥንታዊ ዝኾነ ልምዲ ንኽትገላገል ኣሸጋሪ ከም ዝኾነ ይርዳኣና እኳ እንተኾነ ብዛዕባ ጥዕናን ሓጎስን ውላድኩም ክትሓልዩ ከምዘሎኩምን ኣደዳ መንፈሳውን ኣካላውን በሰላ ዝስዕበለን ኣጉል ባህሊ ከይትገብርወን ጽኑዕ እምናትና እዩ።

ኣብዚ ሓዲስ ክፍለዘመን ደቅኹም ኣብ ዓዲ ጥልያን ከም ዜጋታት ጥልያን ኮይነን ክነብራ እየን።
ንመጻኢኤን ብተስፋን ብፍሽክታን ክብድህኦ ንሓግዘን።

ምኒስትሪ ማዕረ ዕድላት።



## ስነሞገት ምስፋይ ርሕሚ ኳላንስተይቲ ተቀባልነት የብሉን።

ኣብ ዘሓለፉ ዘበናት ምኽንሻብ ኳል ኣንስተይቲ ምኽኑይ ንምግባር በብጊዚኡ ዝተኸሰነን እዩ ምክንያታት ገሊኦም ነንሕድሕዶም ዝጻረሩ ምኽንያታት ክወሃቡ ጸኒሖም።
ኣብ መንጎ ኣህዛብን ጂኦግራፊካዊ ኣከባቢታትን ብመጠኑ ይፈላለዩ እዮም። ኮይኑ ግን ኩሎም ኣብ ሃይማኖታዊ እምነት ወይ ድማ ኣብ ጥንቁልና ወይ ድማ ኣብ ባህላዊ ልምዲ ዝተመስረቱ እዮም።
ብተደጋጋሚ ከም ምኽንያት ዝቐርቡ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

**1.** ሃይማኖታዊ ልምዲ

ቁርኣን ኮነ መጽሓፍ ቅዱስ ምኽንሻክ ኳል ኣንስተይቲ ኣይእዝዙን እዮም። ኣብ መንጎ ብዙሓት ሃይማኖታት፣ እዚ ሊምዲ እዚ ኣብ እምነት ዝተመስረት ከምዘይኮነ ዝእምቱ ብዙሓት ወሰንቲ ኣራእያታት ተላዒሎም እዮም።

**2.** ባህሊ ንምሕላው

ባህሊ ወይ ልምዲ ምስ ቀጻሊ ዝኮነ ማሕበራውን ታሪካውን ዕቤት ማሕበረሰባት ኣንዳማዕበለ ዝመጽእ ኣዩ። እዚ ሓቂ እዚ ድማ ንምኽንሻብ ኳል ኣንስተይቲ ይምልከት እዩ
ነዞም ልምድታት ብምግዳፎም ኳል ኣንስተይቲ ባህላ ተቃልል ኣላ ማለት ኣኮነትን፣ ኮይኑ ግን ኣብ ሓዲሽ ዝኾነ ክቡር ልምድታት ከም ሰብኣዊ መሰል፣



**ክብረትን መሰል ምርጫ ጓል ኣንስተይንትን ዝኣመሰሉ ነግራት ምትእስሳር ተማዕብል ኣላ ማለት እዩ።**

**3. ኣገዳሲ ስነስርዓት ሙጉርዛው እዩ**

**ስነስርዓት ምጉርዛው ኣብ ብዙሕ ከባቢታት እንዳተረፈ እዩ። ደም ከየፍሰስካ ዝግበር በዓላትን ዕድሜታትን፡ ፡ ብሰላማዊ መንገዲ ናብ ጉርዙውና ምስግጋራ ማሕበራዊ ተፈላጥነት ንክትረክብ ይገብራ።**

**4. ጽሬት ንምሕላው ይሕግዝ**

**በንጻሩ ብዝሕ ናይ ስርዓተ ሽንቲ ረኽሲ የስዕብ።**
**ጽሬት ንምሕላው ቀጻሊ ምሕጻብ ኣዩ ፈውሱ።**

**5. ንመልክዕ ተባሂሉ ይግበር**

**ኣታሓሳስባ ጸፊሕ ኣፍ ሪሕሚ ያታዊ ኣረዳድኣ ኮይኑ ክዉንነታዊ መግለጺ ዘይተረኽቦ እዩ።**

**6. ድንግላና ንምሕላው ምስፋይ ርሕሚ ጓል ኣንስተይቲ ኣገዳስነት ኣለዎ።**

**ሓቅነት የብሉን፣ ምኽንያቱ ድማ ድሕሪ ስጋዊ ርክብ እንደገና ይስፊ እዩ። ኦቲ ዝሓሸ መንገዲ እቲ ዝወሃብ ትምህርትን ናብ ምርጫታት ግብረስጋዊ ርክብ ዝመርሕ ውልቃዊ ክብርታት እዩ።**

**7. ናይ በዓል ቤት ባህጊ ወሲብ የዕብይ ዚብል ምኽንያት።**

**ሓቂ ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ድማ ባህጊ ወሲብ ወዲ ተባዕታይ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ማዕሬ ዚኾነ ግብረ መልሲ ክረክብ ከሎ ከም ዝዓብይ ብምርመራ ተረጋጊጹ እዩ። በንጻሩ ረሕመን ዝተሰፍዩ ደቂ ኣንስትዮ ስቃይ ዝመልኦ ወሲባዊ ርክብ ይገብራ ደቂ ተባዕትዮ ውን ርክብ ንምግባር ብዙሕ ጻዕሪ ይገብሩ።**

**8. ዘይሞራላዊ ስጋዊ ርክብ የከላኽል**

**ሓቂ ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ዘይ ሞራላዊ ተግባራት ካብ ምፍጻም ኣይክልከላልን እየን።**

# ምኽንሻብ እንታይ ማለት እዩ

ዝተፈፈላለዩ ዓይነት ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ኣለዉ፣ ኩሎም ውን ጎዳእቲ ኮይኖም ኣብ ከምዚ ዝስዕብ ይከፋፈሉ፣

ኣብ ጉድብ ዚፍጸም ምኽንሻብ (ሱና)

ጐድቤ ብሙሉኡ ሙቁራጽ

ግዳማዊ ከናፍር ርሕሚ ቆሪጽካ፣ ንሽንትን ጽግያትን መሕለፊ ገድፊካ ከም ዝስፊ ምግባር።

ተነጺሮም ዘይተፈልጡ፣ ንኣካላት ፍሬ ጓል ኣንስተይቲ ሓደገኛ ዝኾኑ ተግባራት ውን ኣለዉ።



## ኣብ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ዘምጽኦ ሳዕቤን


ክቡራት ወለዲ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባራት ኣብ ልዕሊ ደቅኹም ምፍጻም፣ ኣእምሮኣዊ ኮነ ኣካላዊ ሳዕቤናቱ ኣዚዩ ሃሳዪ ከም ዝኾነ ክትርድኡ ይግባእ።
ዓይነት ምስፋይ ርሕሚ፣ መንከምዝፈጸሞ፣ ኩነታት ጽሬት ሕክማናን፣ ዚፍጸመሉ ቦታን ብዘየገድስ፣ ምስፋይ ርሕሚ ጓል ኣንስተይቲ፣ ኩሉ ጊዜ ስንክልና ዘኸትልን ኣብ መጻኢ ሂወት እታ ጓል ኣንስተይቲ በሰላ ዝገድፍን ሓደ ሓደ ጊዜ ውን ኣብ ሞት ዝብጽሕን እዩ፣

በቀዳምነት ዝኾነ ዓይነት ምስፋይ ረሕሚ ተራ ተግባር ወጌሻነት ዝይኮነ፣ ዝተራቀቀ ክእለት ዝድልዮ ተግባር መጥባሓቲ እዩ።
ኣብ ሆስፒታል ብሓኪም ስነ ማሕጸን ዘይተገብረ መጥባሕቲ ኣካል ፍሬ ጓል ኣንስተይቲ፣ ኩሉ ጊዜ ሂወት እታ ጓል ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ እዩ።
እዚ ተግባራት ምስፋይ ርሕሚ ብዘይ መደንዘዚን ውሕስነት መጥባሕቲን ምስ ዝፍጸም እተን ኣዋልድ ብዙሕ ጊዜ ካብ ቃንዛ ዝተላዕለን ብሰንኪ ምፍሳስ ብዙሕ ደም ሃለዋተን ይስሕታ እየን።
ቀንዲ ተርእዮ ናይዚ መጥባሕቲ ዝኸነ ኩነታት ምድማይ ኣብ ሞት ዘብጽሕ ሳዕቤናት ኣለዎ።
በርግጽ እቲ ዝቈረጽ ጉድቦ ካብቶም ዝበዝሔ መትንታት ደም ዘለዎ ክፍሊ ኣካላት እዩ፣ እቲ ምድማይ ብቕልጡፍ ደው ክብል እንተዘይኪኢሉ እታ ጓል ክትመውት ትኽእል እያ።

እቲ ምድማይ ዋላእኳ ብዝሒ እንተ ዘይሃሊይዎ፡ ንመዓልታት እንተቀጺሉ ዋሕዲ ደም የስዕብ።

እቲ ዘጋጥም ሓደጋ ናይ ሓጺር ጊዜ ሳዕቤን ዘለዎ ጥራይ ኣይኮነን። ዋላእኳ እቲ ምድማይ ኣብትሕቲ ቁጽጽር እንተዋዕለ፣ ናይቲ ቁስሊ ናይ ምርካስ ሓደጋ ኣሎ።

ረኽሲ ኣብ ዝኾነ መጥባሕቲ ጽሬት ካብ ዘይ ምሕላው ክስዕብ ይኽእል። እቲ ቃንዛ ደሕሪ እቲ መጥባሕቲ ብቁልጡፍ ደው ኣይብልን እዩ።
እተን ቆልዑት ድሕሪ እቲ መጥባሕቲ ብሰንኪ ዝስምዔን ሓያል ቃንዛ ንመዓልታት ዝኣክል ሽንተን ይዓቁራን ይሳቀያን፣
ዘይምሻን ድማ ካልእ ናይ ሽንቲ ምዑቋር ጸገም የስዕብ።
ብሰንኪ እዚ ድማ ኣካላት ስርዓተ ሽንቲ ይረኽሱን ካልእ ተወሳኺ ጸገም ጥዕና ኣብታ ጓል ኣንስተይቲ የኸትል።
እቲ ረኽሲ ናብቶም ኣብቲ ከባኢ ዝርከቡ ክፍሊ ኣካላት ከም ድልድል ማሕጸን፣ መፍንቶን ማሃንቱስን ይዝርጋሕ።



ኣብ ርእሲ'ቲ ልሙድ ናብ መጉሊ ምሓዝን ምምሽማሽን ዝልወጥ ረኽሲ፣ እታ ጓል ካብ ጽሬቶም ብግቡእ ዘይተሓለወ መሳርሒታት ብምጥቃም ተታኑስ፣ ኤይድስ ወይ ድማ ሕማም ወይቦ ክሕዛ ከምዝኽእልን ብሰንኪ እዚ ድማ ናብ ሞት ኽትበጽሕ ከም እትኽእልን ምፍላጥ የድሊ።

እታ ጓል ካብዚ መጥባሕቲ እዚ እንተሓወየት እኳ፣ ዕድሜ ዓቅሜ ኣዳም ምስበጽሔት ነዊሕ ሳዕቤን ዘለዎ ጸገማትን ሕማማትን የጋጥማ፣። እዚ ጸገማት እዚ ድማ ምቾት ዘለዎ ሂወት ከይተሕልፍ የእግዳን ዕድሜኣ ድማ ከም ዝሓጽር ይገብራ።

ካብ መንጎ እዚኦም እቶም ብብዝሒ ዘጋጥሙ፣
ጸገማት ምሻን፣ እዚ ብሰንኪ ምዕባስ መተሓላለፊ ሽንቲ የጋጥም።
ምሻን ቃንዛ ዝመልኦ ይኸውን፣ ብሰንኪ እዚ ቃንዛ ድማ እተን ደቂ ኣንስትዮ ብዝተኻእለን መጠን ዘወሓደ ሽንቲ ክሸና ይግደዳ። ሳዕቤናት ናይ እዚ ድማ ዝተፈላለዩ ረኽስታት ስርዓተ ሽንቲ ይኸውን።

ቀጻልን ብተደጋጋሚ ዝኽሰት ናይ ነዊሕ ጊዜ ረኽስታት ኣብ ርሕምን ኣብ ውሽጣዊ ክፉላት ስርዓተ መፍሪ።



ኣብ ዘይትወልደሉ ደረጃ ምብጻሕ (ምምካን)፣ መብዛሕትኡ ግዜ እዚ ከምዚ ዝኣመሰሌ ኩነታት ካብ ብሰንኪ ርኽሲ ዝፍጠር ቀዋሚ ዝኾነ ጎድኣት ኣብ ኣካላት ስርዓተ መፍሪ ክበጽሕ ከሎ የጋጥም።

በሰላ ኣብ ከናፍር ርሕሚ፣ ምፍጣር እዚ በሰላ ኣፍደገ ርሕሚ ከም ዝጸብብ ይገብሮ። ግብረስጋዊ ርክብ ድማ ኣዝዩ ኣጸጋሚ የገብሮ ከምኡውን ናጽግያት ደም በግቡእ ንግዳም ከምዘይፈስስ ይገብሮ።

ኣብ መንጎ ርሕምን ፍሕኛ ሽንትን ወይ ድማ ኣብ መንጎ ርሕምን መሃንቱስን ቀዳድ ምፍጣር።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ሓደ ሓደ ጊዜ ሽንትን ቀልቀልን ብሓደ ቀዳድ ተሓዋዊሱ ዝወጽኣሉ ጊዜ ኣሎ።

ቃንዛ ኣብ ጊዜ ግብረስጋዊ ርክብ፣ ብፍላይ እቲ ዘይተርፍ ተርእዮ ዕጫ ናይዘን ዘይተዓደላ ደቂ ኣንስትዮ እዩ። ሓደ ሓደ ጊዜ ብልዕቲ ወዲ ተባዕታይ ንውሽጢ ክኣቱ ኣጽጋሚ ይኸውን ወይድማ በጭራሽ ኣይኣቱን። ኣብ ገሌ ኩነታት ውን ግብረስጋዊ ርክም ንምፍጻም መጥባሕቲ ዘድልየሉ እዋን ኣሎ።

እዚ ኪሉ ጸገማት ተጻዊረን ክተንሳ ዕድል ዝረኸባ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ጸገም ኣብ ጊዜ ጥንስን ሕርስን ደጊሙ ይርኤ። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ኣብ ከምዚ ጸገም ዘጋጠመን ደቂ ኣንስትዮ ልሙድ እዩ። እቲ በሰላ ነቲ ናይ ወሊድ መተሓላለፊ ኣካል ብግቡእ ከምዘይምጠጥ ይገብሮ እሞ ቆልዓ ንኸይውለድ ጸገም ይፈጥር።
ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ካብ ሕበጥ ኣካላት መፍሪ ጀሚርካ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ጉድኣታት ይስዕቡ እዮም። ሓደ ሓደ ጊዜ ኣብቲ መጥባሕቲ ዝተገብረሉ ክፍሊ ኣካል ናይ ነርቭ ጽኪ ይወጽእ። መላእ ክፍሊ ኣካል መፍሪ ድማ ተነቃፊ ይኸውንን ዘይጽወር ቃንዛ የኸትልን።

## ኣብ ዓዲ ጥልያን ኣብ ናይ ጓልኣንስተይቲ ርሕሚ ጉድኣት ምስዓብ እንታይ ከኸትል ይኽእል

ኣብዚ ቀረባ እዋን ፓርላማ፡ ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ ገበን ምኻኑ ዝግልጽ ሕጊ ኣጽዲቑ።


ብፍላይ ጓልኣንስተይቲ ክትክንሸብ ኣልዋ ኢሎም ንዝሚገቱ ሰባት ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ዓሰርተውክልተ ዓመት ዝበጽሕ ማእሰርቲ ክፍረዶም ይከኣል።



ምክንሻብ ደቂኣንስትዮ፡ ሙቑራጽ ቅንጢር፤ ከናፍር ርሕሚ ሙቁራጽ፤ ምጽባብ ኣፍ ርሕሚ፤ ከምኡ ውን ካልኦት ተመሳሰልቲ ጉድኣት ዘስዕቡ ተግባራት ይጠቓልል።
ካብዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ተግባራት ዝተፈልዩ፡ ኣብርሕሚ ደቂኣንስትዮ ጉድኣት ዘስዕቡ፡ ከምኡ ውን መንፈሳውን ስጋውን ሕማም ምስዓብ፡ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሾውዓት ዓመት ዝበጽሕ ማእሰርቲ ይስዕብ። እቲ ዝስዕብ ጉድኣት ቀሊል እንተድኣ ኮይኑ እቲ ፍርዲ ብሓደ ሲሶ ክጎድል ይኽእል።

እዚኦም ተግባራት ኣብ ሕጻናት ጉድኣት እንተኣስዒቦም ወይ ድማ መኽሰብ ንምርካብ ተሓሲቦም ዝተፈጸሙ እንተድኣ ኮይኖም እቲ ናይ መቕጻዕቲ ፍርዲ ብሓደ ሲሶ ክብ ይብል።

ኸምዚኦም ዓይነት ተግባራት ኣብ ወጻኢ ብዝቕመጡ ናይ ጣልያን ዜጋታት ወይ ድማ ኣብ ውሽጢ ሃገር ብዝቕመጡ ናይ ውጻኢ ዜጋታት እንተ ትፈጺሞም እቲ ሕጊ ኣብ ልዕለኦም ተግባራዊ ይኸውን።



## መደምደምታ

ምስፋይ ርሕሚ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ደቅኹም ከቢድ ጉድኣት ዘስዕብ እዩ።

አዚ ልምዲ እዚ ውድብ ጥዕና ዓለም ሓዊስካ ብብዙሓት መንግስታት ተወጊዙ እዩ።

ኣብ ሃገርና በመቅጽዒ ሕጊ ገበነኛ ዘቅጽዕ እዩ።

ኣብተን ደቅኩም ቃንዛን ሰለሎን ዘስዕብ ልምዲ ስለዝኾነ ነጽቡቕ እተን ደቅኹም ተባሂሉ ንዘልኣለም ክተርፍ ኣለዎ

ትካላት ጥዕናን ኣማከርቲ ስድራቤት ክምኡውን ማሕበራት ስድተኛታት ደቂኣንስትዮ ምኽርን ሓብሬታን ክልግሱልኩም ድሉዋት እዮም።

ስለዚ ምኽሪ እንተኣድልዩኩም ኣብከባቢኹም ዝርከብ ትካል ጥዕና ወይ ድማ ናይ ቤተሰብ ምኽሪ ለገስቲ ማእከላት ከድድኩም ንኽትሓቱ ንዕድመኩም።

ንተወሳኺ ሓበሬታ መርበብ ሓብሬታ ናይጥልያን ሚኒስትሪ ማዕሬ ዕድላት ተወከሱ። www.pariopportunita.gov.it







ናይ ድሬስ ኣሮ ሀርሲ መጋን
ከምኡውን ናይ ፕሮፌሶር ክላውዲዮ ጊዮራልዲኖ
ከምኡውን ናይ ባይቶ ናይ ውጻእተኞታት ማሕበረ ኮማት
ሳይንሳዊ ኣበርክቶ ምስጋና ይግባኦ ኢሎም

ተበግሶ ናይ

# ፕረሲደንሲ ቤት ምኽሪ ሚኒስቴራት
# ምኒስትሪ ማዕሬ ዕድላት

ምስ ምትሕብባር

ሚኒስትሪ ጥዕና

ምኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት

ምኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት

ምኒስትሪ ትምህርቲ፤
ዩኒቨርስትን ምርምርን

ናይ ቤት ምኽሪ ምኒስተራት ፕረሲደንሲ
ቀዋሚ ኮንፈረንስ ንዝምድናታት ኣብ መንጎ
መንግስትን፤ ዞባታትን፤ ነጻ ክፍላተ ሃገራት
ትረንቶን ቦልዛኖን።

ምኒስትሪ ዕዮን
ማሕበራዊ ፖሊሲታትን

www.pariopportunita.gov.it